# ከመይ እይ ዝግበር፡ „ምልላይ ሙያ“?

## *3 መዓልታት ኣብ ህይወት ኣቤልን ሚርያምን*

ሰሊጥኒ! ኣቤል ሰዓቱ ኣኽቢሩ ኣብቲ ትካል Mechatronic AG በቲ ዋና ማዕጾ ኣትዩ ኣብ ድሕሪ እቲ „መቐበሊ“ ተጻሒፍዎ ዘሎ ባንኮ ናብ ዝነበረ ሰብኣይ ኣምሪሑ። ሽሙ ኣቤል ሞንቴሮ ክም ዝኾነን ኣብዚ ድማ ክነግር ከም ዘለዎን፣ ሎሚ ድማ ነቲ ምልላይ ሙያ ከም ዝጅምርን ነቲ ባዓ ተኸዲኑ ዝነበረ ሰብኣይ ነጊርዎ። እዚ ሰብኣይ ኣብቲ ናይ ኮምፑተር ስክሪን ርእዩ፣ ሕውነታዊ ዝኾነ መልሲ ሂብዎ፡ „እወ፣ ክም እትመጹ ተጸቢና ኢና። ብኽብረትኩም ቅልጥፍ ኢልኩም ንበሩ። ኣቶ ብራውን ሕጂ ክማላኣኩም እዩ።“

## ናይ መጀመርታ ጦብላሕታ ሓሳብ

ኣብቲ ጫፍ ሓንቲ ዕድሜኣ ብግምት ክንዲ ኣቤል ትኸውን ሓንቲ ጓል ኣቐዲማ ኮፍ ኢላ ነይራ። „እስኻውን ምልላይ ሙያ ክትገብር‘ዲኻ?“፣ ኢላ ደፊራ ሓቲታ። „እወ፣ እስኺ‘ውን?“ „ልክዕ፣ ምናልባሽ ሃናጺት ክኸውን እደሊ ይኸውን።“ ኣብዚ እዋን ሓንቲ መንእሰይ ዝኾነት ሰበይቲ ናብኦም ገጻ መጺኣ። „እስኺ ሚሪያም ሩሉች ክትኮኒ ኣለኪ?“፣ ኢላ ነታ ጓል ተዛሪባታ። „ኣነ ሊዛ እየ። ኣነ ኣብ ሳልሳይ ዓመት ትምህርቲ ልምዲ ክም መጠን ሃናጺት ተማሃሪት እየ ንዓኺ ኣብዚ ምልላይ ሙያ ክላምደኪ እየ።“ ክልቲኤን ሰላም ተባሃሂለን ናብ ሊፍት ገጸን ከይደን። እሳተን ስውር ምስ በላ፣ ሓደ ቀይሕ ናይ ላዕሊ ክዳን ዝተኸድነ መንእሰይ ሰብኣይ ቅልጡፍ ስጉምቲ እንዳሰጎመ ናብኡ መጺእዎ። „ሰላም ኣቤል፣ ኣነ ብራውን እዩ ሽመይ። ኣብዚ እዋን ምልላይ ሙያኻ ክላምደካ እየ።“„ደሓንዶ ሓዲርኩም ኣቶ ብራውን“„እንካ መለለዪ ኣርማኻ። ንዓናይ ንሕና ናብ ካልእ ህንጻ ክንከይድ ኣለና።“ ናብ ሓንቲ ንእሽተይ ትዘውር ማዕጾ ገጾም ክይዶም፣ እዛ ማዕጾ ትኽፈት ኣቤል ነቲ መለለዪ ኣርማኡ ናብታ ናይ ማዕጾ ኣንባቢት ምስ ኣቕረበ እዩ።

## ተግባራዊ ልምምድ

ሊዛን ሚሪያምን ክመጻ ከለዋ፣ ኣቤል ነቲ ኣቐዲሙ ብኣቶ ብራውን እንዳተመርሐ ዝተፈላለየ ምልክታት ዝሓንጸጸላ፣ ሓንቲ ናይ ጅባ መብራህቲ መትሓዚት ባትሪ ኣብ መቐርቀሮ ኣእትዩ ብመብረድ ገይሩ ይጸርብ ነይሩ። „ኣብቲ መቐበሊ ኣቐድም ኣቢልኩም ተላሊኩም ኔርኩም። ኣብዚ እተን ኣብ ክፍሊ ምህናጽ ዝመደብናየን ናውቲ ይምረታ“፣ ኢላ ሊዛ ኣረዲኣታ። „ምስ እቶም ናይ ፖሊ መካኒካት ንምሳለ ሓደ ጠለብ ንኽሰራሕ ክንደይ እዋን ከም ዝወስደሉ ንማየጥ፣ እዚ ማለት ከኣ ናይ መምረቲ ዋጋ ክንደይ ከም ዝኾነ ንፈልጥ።

ኣቤል ድሮ ነታ ንሕና ኣብቲ ምልምማድ መደብ ምህናጽ እውን ዘላትና መብራህቲ ጅባ ይሰርሓ ኣሎ።“ ድሕሪ ቀትሪ ኣቶ ብራውን ንኣቤል በቲ መኩዓቲ ኣሰራርሓ ከርእዮ እዩ። ኣቶ ብራውንን ሚርያምን ንብኡ ገጾም ክመጹ ከለው፣ ኣቤል ኣብቲ መትሓዚ ባትሪ ናይ መጀመርታ ኖኻላት ምኹዓት ክጅምር ደልዩ ኔሩ። „ሓንሳብ ጽናሕ፣ እቲ መትሓዚ ነዊሑ ተዓቂኑ ክም ዘሎ ፈሊጥና ኣለና፣ እቲ ባትሪ ጽሩይ ዝኾነ ምትንኻፍ ክህልዎ ዘለዎ እንተኾይኑ። ነቲ መደብ ቀዩርናዮ ኣለና። ሕጂ ኣስኻ ነቲ ሓዲሽ ዓቐን ክትጥቀም ኣለካ“ ኣቤል ንሚርያም ፍሽኽ ኢሉላ፡ „ጸገም የለን!“

## ካብ ምጽያቕ ምሕታት ይሓይሽ

ሚሪያም ኪድ ምስ በለት ኣቤል ኣብ ልዕሊ እቲ ሓዲሽ መደብ ድኒኑ። ክላ፣ ሎሚ ንግሆ ከመይ ጌርና ኢና ነቲ ምልክት ምሕንጻጽ ስሪሕናዮ? ነቲ መደብ ኔው ነጀው ገላቢጡ ምስቲ ናቱ መትሓዚ መዛዚንዎ። ኣብ መወዳእታ ንኽልትኡ ሒዙ ናብ ኣቶ ብራውን ገጹ ከይዱ፣ እዚ ኣብቲ እዋን ነታ ብኮምፑተር ትምራሕ ናይ ቶርኖ ማሽን ፕሮግራም የዳሉ ኔሩ። ኣቤል ብዛዕባ እቲ ናይ ሚርያም ምቕያር መደብ ነጊርዎ ከምኡ ድማ ኣብቲ መትሓዚ ምሕንጻጽ ካበይ ከም ዝጀመሩ ከም ዝረስዔ ነጊርዎ። „ጽቡቕ መጺእካ ምሕታት ይሓይሽ፣ ኣብ ክንዲ ሱቕ ኢልካ ኣብ ዘኾነ ቦታ ካብ ምኹዓት“፣ ኢልዎ ኣቶ ብራውን። „ኣብ መጀመርታ እዋን ክትክእል ኣለክ ኢሉ ዝጽበ፣ ምንም ሰብ የለን። እቲ ናይ ምህናጽ ክፍሊ ጸኒሑ ገለ ነገር ምቕያር ብዙሕ ጊዜ የጋጥም ነገር እዩ። ተዓጻጻፋይ ምኻን የድሊ እዩ። ርኤ፣ ሎሚ ንግሆ ምሽ ኣብዚ ነቲ መሰረታዊ መስመር ሓንጺጽካ ኔርካ። ...

“ሰዓት 17:00 ክኸውን ቁሩብ ምስ ተረፎ ኣቶ ብራውን ከም ብሓድሽ ኣብ ቅድሚ ኣቤል ደው ኢሉ፡ „ሕጂ ክንፍደስ ኢና። ንኹለን ኖኻላት ኣንኩልካየን‘ዶ?“ „እወ፣ እቲ ድጊምካ ምሕንጻጽ ብዝሀ እዋን ወሲድለይ ድሕሪኡ ክንኩል ከለኹ ክቕልጥፍ ኔርኒ። እንተኾነ ግን ድሕሪ ሕጂ ከመይ ጌርካ ከም ዝግበር ቀልጢፈ ኣይርስዕን እየ።“ ኣቶ ብራውን ነተን ኖኺላት ተቖጻጺሩ ድሕሪኡ ንኣቤል ንኢዱ ኣብ መንኮቡ ጠብጢብዎ። „በል ጽባሕ የራኽበና፣ ከመይ ጌርካ ከም እትኣቱ ሕጂ ትፈልጥ ኢኻ። ነቲ ምለለዪ ኣርማኻ ከይትርስዕ!“ „ክሳብ ንራኸብ ኣቶ ብራውን፣ የቐንየለይ ድማ፣ እንደገና ስለዘረዳእኩምኒ“፣ ኢሉ ኣቤል መሊሱሉ።

## ምጽሓፍ ይሕግዝ እዩ

ኣብቲ መጸበዩ ኣውቶቡስ ንሚርያም ረኺብዋ። „በቲ ዝቐየርኪዮ ውጥረት ኣእቲኺለይ፣ ሚሪያም!“ „ይቕሬታ ግበረለይ፣ ኣነ ከምኡ ኣይደለኹን ኔረ። ሊዛ ነቲ መደብ ልክዕ ዝገብር እንተኾንኩ ክትፍትነኒ እያ ደልያ ዝመስለኒ። ድሓር ነቲ ኩሉ ኣብቲ ዕለታዊ መዝገብ ምልላይ ሙያ ክጽሕፎ ኔርኒ።“ ኣቤል ሕጂ ዘኪሩ: መምህሩ ንኹሉ ዝገበሮ ነገራትን እቲ ዝገበሮ ድማ ኣሐጉስዎ እንተኾነን ክጽሕፍ ከም ዘለዎ ምዒዳቶ ኔራ። በቲ ምቅይያራት ዝተላዕለ ነዚ ነገር ግብ ኣቢሉ ረሲዕዎ ኔሩ። „ሎሚ ምሸት ዕዮ ገዛ ኣለኒ፣ ኣብቲ ዕለታዊ መዝገብ ምልላይ ሙያ ክጽሕፍ እየ“፣ ኢሉ ተንፈሱ። „ኢሂ፣ ኩሉ ዕዮ ገዛኻ ሰሪሕክ'ዶ?“ ኢላ ሚሪያም ተዋዚያቶ፣ ኣብ ዝቕጽል ዘሎ መዓልቲ ኣቤል ኣብቲ ሊንደንፕላትዝ ኣውቶቡስ ክስቀል ከሎ። „እወ፣ በዚ ምኽንያት ግን ተሌቪዥን እንዳረኣኹ ድቃስ መጺኣኒ። ከምዚ ኣጋጢምኒ ኣይፈልጥን እዩ፣ ግን እቲ ደው ኢለ ዝወዓልኩዎ ኣድኪምኒ እዩ። ነዚ እውን ድሕሪኡ ጽሒፈዮ ኣለኹ።“ „ኣነ ኣብቲ መትሓዚት ባትሪ እንታይ ዓይነት ሽግር ከም ዘሎ ከም እተረዳኣንን ናይ ኮምፑተር ነቲ ናይ መደብ ምቕያር ስራሕ ክሰርሕ ከለኹ ድማ ጽፉፍ ዝኾነ ስራሕ ክሰርሕ ከም ዘለንን ጽሒፈ።“

„ሎሚ መዓስ ኢኪ ትምስሒ?“ ኣቤል ክወርዱ ከለዉ ሓቲቱዋ። „ኣብቲ ቤት ምግቢ'ዶ ክንራኸብ?“ „ብርግጽ ኣይፈልጥን እየ፣ መልእኽቲ ከኣ ክሰደልካ ኣይክእልን እየ። ንሞባይል ኣብ እዋን ዕረፍትን ምስ ተፈደስናን ጥራሕ ኢና ክንጥቀም ንኽእል“፣ ኢላ ሚሪያም። „ምናልባሽ ሰዓት 12:30? ሊዛ ኩሉጊዜ ደንጒያ እያ ዕራፍቲ ምሳሕ ትገብር።“ እቲ ክልኣይ መዓልቲ ኣብቲ ሜካትሮኒክ AG ቀልጢፋ ሓሊፋ። ኣቤል ነተን ኖዃላት ቀልጢፉ ኣንኩልወን፣ ካብኡ ቀጺሉ ድማ ንኣቶ ብራውን ንሓደ ኣቕሓ ክጸርብ ከሎ ክርእይ ክኢሉ። ቅድሚ ምሳሕ እውን ኣብቲ ዕለታዊ መዝገብ ምልላይ ሙያ ንምጽሓፍ ብቑዕ ጊዜ ረኺቡ። ንሚርያም ኣብቲ ቤት ምግቢ ኣይረኸባን፣ እሱ ምስ ኣቶ ብርውንን ምስ ክልተ ፖሊሜካኒካት ትመሲሑ። ሕጂ ድሮ ስርሑ ጀሚሩ ኣሎ። ኣቶ ብራውን ኣብ ሓደ ኣሪጊት ቶርኖ ማሺን ከመይ ጌርካ ሓደ ዘንጊ ከም ዝጽረብ ኣርእይዎ፣ ድሕሪኡ እሱ ባዕሉ ክፍትን ተፈቒዱሉ። ብጣዕሚ ዘጸግም እዩ፣ ክልተ ኣእዳው ዝተፈላለየ ነገራት ዝገብራ እንተኾይነን። እታ ኣቤል ዝሰርሓ ኣጓድ ቀልጢፋ ትኽ ኣይበለትን፣ ነዚ ግን ክትመሃሮ ኢኻ፣ ኢልዎ ኣቶ ብራውን። ኣተሓሕዛኡ ሒማቕ ኣይኮነን። ኣቤል ንኣቶ ብራውን ነቲ ዕለታዊ መዝገብ ምልላይ ሙያ ምእንቲ ክኾኖ፣ ነቲ ኣረጊት ማሽን ቶርኖ ክስእል ዝፍቀደሉ እንተኾይኑ ሓቲትዎ። „እዋእ፣ እዚኣ እባ ቁም ነገር ዘለዋ ጥቕሚ ሞባይል፣“ ኢሉ ኣቶ ብራውን፣ ድሕሪኡ ኣቤል ነቲ ትማሊ ዝሰርሓሉ መንኮሊ ማሽን እውን ክስእል ክኢሉ።

## ርክብን ተሓባቢርካ ምስራሕን

ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ ኣውቶቡስ ኣይነበረን: ኣቤል ደንጒዩ ኣሎ! ኣቶ ብራውን ቁጽሪ ሞባይሉ ሂብዎ ስለ ዝነበረ ግን ዕድል ጌሩ። ኣቤል ቀልጢፉ ደዊሉሉ። „ኣይትጨነቕ፣ ኣቤል፣ ኣነውን ተሸኲዔ እይ ዘለኹ፣ እዚኦም ዝዓበየ ጸገም ኣለዎም። ምድዋልካ ግን ጽቡቕ እዩ፣ ነንሕድሕድካ ምርኻብ ኣገዳሲ እዩ።“ ድሕሪ ክንደይ ኣብ እቲ ትካል ምስ በጽሐ፣ ኣቶ ብራውን ኣስናን ቡሎን ከመይ ጌርካ ከም ዝጽረብ ኣርእይዎ። ድሕሪኡ ኣቤል ነተን ክልቲኤን ኣስናን ናይ እቲ መብራህቲ ጅባ ክጽርብ ኔርዎ። ኣቤል ቅድሚ ሕጂ ከምዚ ጌሩ ትኽክል ሰሪሑ ኣይፈልጥን እዩ። ነቲ ናይ ጅባ መብራህቱ ኣሕቢሩ ክገጥመን ከሎ፣ ሊዛ ምስ ሚሪያም ኮይና መጺኣ። እዚ ኩሉ ከመይ ጌሩ ከም ዘገልግል ክትርኢ ኔርዋ። እቲ ናይ ባትሪ መትሓዚ ኣብቲ ቱቦ ሰተት ኢሉ ምስ ኣተወ፣ ኣቤል ኮሪዑ። ቁመቱ ትኽክል ማዕረ ኮይኑ ክምኡ ድማ እቲ መብራህቲ ብዘይ ሽግር ኮንታክት በሪሁ። ኣቶ ብራውን ነቲ ትኽክል ዝኾነ ስርሑ ንኢድዎ፣ ኣርባዕቲኦም ድማ ጽቡቕ ጌሮም ብሓባር ስለ ዝሰርሑ በእዳዎም ተጨባቢጦም። ድሕሪ ቀትሪ ኣቶ ብራውን ምስ ኣቤል ብዛዕባ እቲ ምልላይ ሙያ ተዛሪቡ። „በቲ ዝሰራሕኻዮ ዓጊብ እየ። ጽፉፍ ዝኾነ ኣሰራርሓ ከም እትሰርሕ ኣስተዎዒለ እየ፣ እዚ ኸኣ ኣሐጉሰኒ እዩ። እስኻ ሓደ ንፉዕ ፖሊመካኒክ ክትከውን ከም እትኽእል ክግምት እኽእል እየ“፣ ኢሉ ኣቶ ብራውን ርእይቶኡ ነጊርዎ። „ሓደ ናይ ልምዲ ሙያ ትምህርቲ ትደሊ ኣንተ ኼንካ፣ ኣባና ኣመልክት። እቲ ጽፉፍ ዝኾነ ኣሰራርሓኻ ንዓይ ኣእሚኑኒ ኣሎ። “ንሚርያም ኣውን ሊዛ ንኢዳታ: „ነቲ ናይ ባትሪ መትሓዚ ኣብ ኣእምሮኺ ክትቀርጽዮ ምኽኣልኪ፣ ዝምስገን እዩ፣ ነቲ ጸገም ድማ ቀጥ ብዝበለ መገዲን ብብልሓትን ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርኪ ከተእትዊዮ ኪኢልኪ። ከማኺ ዝኣመሰላ ሃነጽቲ የድልያና እየን!“ሕጂ ኣቤል ንሚርያም ኣብቲ መጸበዩ ኣውቶቡስ ተጸቢይዋ። „ንገዛ ክትከዲ ትህወኺ ዲኺ? ወይስ ቁሩብተይ ከነዕልል? ናብቲ ባሕሪ ገጽና ክንከይድ ንኽእል ኢና“፣ ኢሉ ኣቤል ሓሳብ ኣቕሪቡ። „ኣይትሓዘለይ ኣቤል። ሰዓት 18:30 ናይ ኢድ ኩዑሾ ትሬኒንግ ኣለኒ። ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ግን ብሓንሳብ ቼነማ ክንኣቱ ንኽእል ኢና።“ „ጽቡቕ ሓሳብ“፣ ኣቤል ተሓጒሱ፣ „ሰዓት 16:00 ፊት „ኣባቶን'?“ „ሐራይ፣ በል ምስቲ ዕዮ ገዛ ደሓን ኩን“፣ ኢላ ተላጊጻ ኣብ ሊንደንፕላትስ ካብ ኣውቶቡስ ነጢራ ወጺኣ። „እዘን ሃነጽቲ ኩለን'ዶ ከምዚ ተጻወትቲ ይኾና?“ ኢሉ ኣቤል ሓሲቡ። ካብኡ ነቲ ዕለታዊ መዝገብ ምልላይ ሙያ ከፊቱ፣ ኣብ ገዛ ምስ በጽሐ እንታይ ክጽሕፍ ከም ዘለዎ እውን ፈሊጡ ኣሎ።